# !!!!!ሕብንቲ ኤርትራዊት ዮሃና!!!!!

ተቓላሲት ተጋዳሊት ንናጽነት ኤርትራ፣
ኣብ ዉሻጠ ብዉሕልነት ትናብዩ ንስድራ፣
እጃማ'ውን ተበርክት ከተማዕብል ሃገራ፣
ጓልኣንስተይቲ ኤርትራዊት እዚ'ዩ ቁምነገራ።

ጅግና ኤርትራዊት እዛ በዓልቲ ቅያ፣
ንማዕርነት ንመሰል ክትቃለስ ዘይህከያ፣
ደኺመ ዘይትብል በዓልቲ ዓባይ ሞያ፣
ሓበና ፍናና ንሃገር ንህዝቢ ውፍይቲ እንድያ።

ሓሳርን መኸራን ሓሊፋ ስዒራ ዝወጸት፣
ናብርኣ ከተማሓይሽ ስራሕ ዝመረጸት፣
መሃይምነት ከተጥፍእ ትምህርቲ ዝተኸታተት፣
ኤርትራዊት ብተፈጥሮኣ ፍልይቲ'ያ ብዓይነት።

ንፍጥረት ዝዓደላ ርህራሄ ወሲኻ ብልሓት፣
ናይ ኣዴታታት ኣደ ተባዕ መስተውዓሊት፣
ወላዲት ጀጋኑ ማህጸን ኤርትራዊት፣
ንሓልዋ ንሓብሕባ ይግባኣ'እዩ ዝለዓለ ክብረት።

ካብ ወለዶ ንወለዶ ክውረስ ታሪኽና፣
ንጽሓፎ ንቐረጾ ሓደ ብሓደ ኢልና፣
ዘሕብን ዘኹርዕ ውርሻ ክሰንቁ ደቅና፣
ኣይንሕመቕ በላ ንበርትዕ ኣጆኽን ኣጆና።

ሰማእታትና ብግብሪ ይደበሱ!
ዓወት ንሓፋሽ!
ነቢያት ጽገ ስዊድን
2009-03-08